# ኤርትራውያን መንእሰያት ኖርድ ራይን ቬስትፋለን (ጀርመን)

## ናይ መበል 1ይ ዓመት በዓል ምምስራት ማሕበርም ኣብ ከተማ ድዙልዶርፍ ኣብዒሎም




ብዕለት 1. 11. 2014 ኤርትራውያን መንእሰያት ኖርድ ራይን ቬስትፋለን ኣብ ከተማ ድዙልዶርፍ (ጀርመን) ካብ ብዙሓት ከተማታት ዝመጹ ብዝሒ መንእሰያትን ሕጻናትን ከምኡ ድማ ወከልቲ ሃ.ማ.ደ.ኤ. ከተማ ድዙልዶርፍን ቩፐርታልን ኣስታትን 100 ኣጋይሽ ዘእንገደ ሃገራዊ መንፈስ ዝዓሰሎ በዓል ኣካይዶም።

መደብ ብዓል ብዝኽሪ ሰማእታት ብድሕሪ ምኽፋት ወከልቲ ማሕበር ንተሳተፍቲ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ጽቡቕ ምንዮቶም ገለጹ፡፡ ቀጺሉ ኣብ ትርጉምን ክብረት ኤርትራዊ መንነትን ፤ ምዕቃቡን ዘቶኮረ መግለጺ ምቕራብ ብኣካል ኤርትራ በጺሖም ብዝመጹ መንእሰያት ካብ ዝቐሰምዎ ናይ ሳዋን ተፈላላየ ቦታታት ኤርትራን ዘዋህለልዎ ተሞኩሮታትን ብድያስ (ፕሮጀክተር) ተሰነየ ሰፍሕ ኣስተምህሮ ቀረበ። ኣብ መደምደምታ ነውስ ወከፍ መንእሰይ ከም ኣብ ድያስፖራ ዝነብር ኤርትራዊ ዝጓነፎን ዝጽበዮን ናይ መነባብሮ መሰናኽላትን ጎምንጽታትን በዲሁ ፡ ብዕለታዊ መነባሮን ትምህርቱን ስርሑን ተዓዊቱ ንነብሱን ስድርኡን ሃገሩን ንኽርብሕ ሓላፍነቱን ግቡኡን ኮይኑ ፡ ኤርትራዊ ኣብ ዝሃለወ ሃልዩ ድማ ጉዳይ ሃገሩ ንኽከተታተልን ክግደስን ለበዋታት ተዋህበ። ብድሕሪዚ ተመዲቡ ዝነበረ ናይ ግጥምን ባህላዊ መዘናግዒ መደባት ተዋስኡ ።

መንእሰያት መስረቲ እዛ ማሕበር ኣብ ወርሒ 2013 ኣብ ከተማ ዱዝልዶርፍ ዝተኻየደ ህዝባዊ መኸተ ብድሕሪ ምርኻቦም እዮም ነዛ ማሕበር ንኽምስርቱ ተበጊሶም፡ እንሆ ድማ ድሮ ሓደ ዂይኑ። ኣብዚ ውሽጢ እዚ ሓደ ዓመት ድማ ኣብ ዕድሚኦም ዘለዉ መንእሳኣያት ጠርኒፎም ፡ ብዛዕብ ሃገሮም መንነቶምን ኣፍልጦኦም ዘስፍሕሉን ሕውነቶም ዘደልድልሉን ኣኼባታት ከካይዱ ጸኒሖም። ንመጻኢውን ብዝለዓለ ደርጃ ዓቕምታቶም ዘበርትዕሉ መደባቶም ስሪዖም ኣለዉ።

ተወሳኺ ሓብሬታ ብዛዕባ ኢዛ ማሕበር ምስ ዘድሊ ኣብዝቲ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሲኦም ዝርከቡ መከሲታት ክትረኽቡ ትኽእሉ።

Subscribe Facebook: https://www.facebook.com/groups/753095974706141/
YouTube Channel: Eritrean- German Youth NRW
https://www.youtube.com/channel/UCR1Kr2e1jDvjFcWPmSLBvfQ
Google+
https://plus.google.com/u/0/b/105982540695373117465/105982540695373117465/videos/p/pub?hl=de

ዓወት ንሓፋሽ !

ኤርትራውያን መንእሰያት ኖርድ ራይን ቬስትፋለን (ጀርመን)